
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.48 ሰንበት 26 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ...


ገጽ 4
ውሑስ ምሕደራ ሰንሰለታዊ...



ገጽ 5
እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት


ገጽ 7
ኣገዳስነት ሃገራዊ መዓልቲ ሕሳብ


## መዓልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዘኪራ

24 ጥቅምቲ - መበል 80 ዓመት ምምስራት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተዘኪራ።

ኣቦ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብመዚ. መንግስትን ግንባርን ወኪልቲ ሚኒስትሪታትን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ሓለፍትን ወኪልትን ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ኣቶ ዑስማን ሳልሕ መደረ ኣስሚዑ።

ንታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ሕቡራት ሃገራት፡ መትከላቱ፡ ዘጋጠሞ ዘሎ ብድሆታትን ዘድልዩ ጸገናን ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፡ ዓለም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ. ሓድሽ መዋቕር ዘይብሉ፡ ኣብ ርትዓዊ፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ልኡላዊ ማዕርነትን ዝተሰረተ ስርዓት የድልያ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኤርትራ ኮነ ኣብ መሰል ርእሰውሳኔ፡ ሽርክነትን ሓባራዊ ብልጽግናን ዝተሰረተ፡ ንሃገራት ካብ ተጸባይነት ሓራ ዝኾነር፡ ልኡላዊ መሰላተን ዘረጋግጽን ነጻ ልምዓታዊ መስመር ዝቐርጻሉን ራእዩ ንምስጋር ወትሩ ድልውቲ ምዃና ብምሕባር፡ ንልምዓታዊ ቀዳምነታትን ባህግን ህዝቢ. ኤርትራ ዝምልስ ሃናጺ. ጽምዶ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምዕማቕ ዝሎ ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዒቡ፡ መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት ኣብ እንዝክረሉ፡ ምልስ ኢልና - ኮነ ማዕርነት ሃገራት፡ ሽርክነትን ምትሕብባርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፍትሒ. ዝተሰረተ ሰላም ዘጠቓልል መትከላት ቻርተር ናይ'ቲ ውድብ ክንምገዝዑበን ብዮዝበሪ ንምትርጓሙ ክንሰርሕን ከምዝግባእ፡ ሕቡራት ሃገራት ድማ ኣገልጋሊ. ውሑዳን ዘይኮነ፡ ፍቕያ ፍትሕን ሓባራዊ ሰብዊ ባህግታትን ምዃኑ ብትብዓት ደጊምና ክንስተንትን ኣዘኻኺሩ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ብወገና፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 80 ዓመት ኣብ ዘቖጽረሉ ዘሎ እዋን፡ መሰረታዊ መትከላቱ ከቢድ ብድሆታት የጋጥሞ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ኣጋጣሚ ብዙሓዊ ሽርክነት ንምሕያል፡ ከምኡ'ውን ዓለማዊ ውሳኔታት - ጸንባሩ ኣድማዒን ንርሑቕ ዝጠምትን ንምግባሩ መብጽዓና እንሓድሰሉ ከምዝኾነ ኣገንዚባ።


ስእሊ-ኣብርሃም በየነ



ኣብ ሓባራዊ ልምዓታዊ ቀዳምነታት ምስ ኤርትራ ብዝለዓለ ንምዕያይ ዝሎ ድልውነት ብምንጻር፡ ኤርትራ እትኽተሎ - ኮማዊ ተሳትፎ፡ ርእሰምርኮሳን ሽርክነትን ማሕበራዊ ወሀደትን መሰረት ዝገበረ፡ ዘላቒ ልምዓት ድማ ብሽርክነት'ምግባር ብተመርኳሰት ከምዝዩሰሞር ዘረጋግጽ ንጹር መርሓ፡ ንኻልኦት ሃገራት ኣብነት ምዃኑ ኣረጋጊጻ።

ኣቦ'ቲ ዕለት፡ ብቪድዮ ዝተቐርጸ መልእኽቲ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት - ኣንቶንዮ ጉተረሽ ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ብመልክዕ ውድድር ብኤርትራውያን መንእሰያት ዝቐረበ ምርኢት ምህዞን ሰነዳን ከዕዘቡ ከለዉ፡ ንዕወታት ሽልማትን ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ "ርእሱምርኮሳን ሽርክነትን - ተመክሮ ኤርትራን ዓለማዊ ጽልውኡን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተወደበ መድረኽ ዘተ፡ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ምኽያዱ ይዝከር።

## ኤርትራ፡ ኣብ "መድረኽ ወፍሪ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ 2025" ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ካብ 14 ክሳብ 17 ጥቅምቲ ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ኣብ ዝተቓነዐ መድረኽ 'ወፍሪ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ 2025' ናይ ውድብ መግቢን ሕርሻን ከምእተሳተፈት፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ብዋና ዳይረክተር ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም እተመርሐ፡ ንሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግቢን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ዝውክል ጉጅለ ካብ ኣስመራ ብምጕዛ፡ ብቐዋሚ ወኪል ኤርትራ ኣብ ውድብ መግቢን ሕርሻን፡ ዓለምለኻዊ ማዕከን ሕርሻዊ ልምዓት፡ ከምኡ'ውን ዓለምለኻዊ ፕሮግራም መግቢ. ኣቶ ኣስመሮም ኪዳነ ወኪል ውድብ መግቢን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣሬላ ግለሂን ድማ ብኣካል ከምእተሳተፉ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ኣብ'ዚ ዕቑር ጸጋታት ንኢሳንጸላታት ኣባል ሃገራት ኣብ ምልላይ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ መድረኽ፡ ኤርትራ ኣብ ቅድሚት ካብ ዝሰርዓቶም ዕድላት ወፍሪ፡ ኣብ ጥናና፡ ድንሽን ወዚፍን ዝተኩረ ናይ ቪድዮን ጽሑፍን መግለጺ. ከምዝቐረበት፣ ኣቦ'ቲ ዝተኻየደ መድረኻዊ ዘተ ድማ፡ ዘላቕነት ልምዓት ስርዓተ-መግበ-ሕርሻ ንምርግጋጽ፡ ሽርክነት ንምድንፋዕ ከምኡ'ውን ሓቓፍን ዘላቕን ዕቤት ዘረጋግጽ ዕድላት ወፍሪ ንምትብባዕ ዘለዋ ድልውነት ከምዘረጋገጸት፡ እቲ ሓበሬታ ብዝወሰኸ. ኣፍሊጡ።




ኣብ'ዚ ዘላቕነት ዘውሕሱ ኣኪይዳታትን ቀጻሊ ዕቤትን ዘተባብዐ መድረኽ፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣን እናሰሰነ ዝኸይድ ዘሎ ዓቕሚ ምፍራይ ብቑልታትን ባሕራዊ ወጽኢትን ብምትኳር፡ ተዛማዲ ጸብለልታ ኤርትራ ኣጉሊሑ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ዝተፈላለዩ ዓለምለኻውያን መሻርኽቲ፡ ሓንጻጽቲ ፖሊሲን ኣወፈርትን ክርከቡ ከለዉ፡ ወኪልቲ ኤርትራ እትርከበን 29 ኣባል ሃገራት 'ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ' ተሳቲፈን።

## ሓጋዝ - ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት 8ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ

ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ካብ 22 ክሳብ 23 ጥቅምቲ 8ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣኪያዲት ኣካል ኣብ ዘቕረብዎ ናይ ልዕሊ. ክልተ ዓመታት ጸብጻብ፡ ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣትን ጽጉማት ወገናትን፣ ልምዓታዊ ወፈራታት፣ ምስልሳል ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት፣ ምሕያል ውዳበታት፣ ምብጻሕ ኣብ ታሪኻዊ ቦታታትን ካልእ ዝዓመ መደባትን ምስናይ ብድሆታቱ ገሊጹ።



ኣብ ጨንፈር ሃመማትኤ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ውዳበታት መንእሰያት ሰራሕተኛታት መርሃዊ ዘርኣይ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነትን ዕላማን ውዳበ መንእሰያት፣ ምዕባይ ኣፍራይነት፣ ምምልማል ንመራሕነት ዝበቕዑ መንእሰያት፣ ምንዳፍ መደባት ሰራሕን ምሕያል ክእለትን ከምኡ'ውን ቅርጽን ዕማማትን ኣኪያዲት ኣካል ዝምልከት መብርሂ. ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ 13 ዝኣባላታ ኣኪያዲት ኣካል መሪጾም።

ኣብ መወዳእታ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ሓምድ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዝተመርጸት ሓዳስ ኣኪያዲት ኣካል ኮነ ውዳበ ብምሕያል ወጽኢታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ትጽበት ከምዘሎ ሓቢሩ።

እዚ. ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ መንጎ ወለድን መንእሰያትን ዘሎ ርክብ ንምድልዳልን ስሉፋዊ ዝምድናታት ንምሕያልን ዝዓለመ ርክባትን ሰሚናራትን ከም እተኻየደ ተፈሊጡ።

ዜና

# ዞባ ማእከል - ኣብ ምኽባር ሕግታት ትራፊክ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ኣጉዳስቱት ምኽባር ሕግታት ትራፊክን ሳዕቤናት ጥሕሰቶምን ዘተኩረ ኣስተምህሮ፡ ካብ 22 ክሳብ 24 ጥቅምቲ ንተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሰማእታት፡ ቀይሕ-ባሕርን ባርካን ተዋሂቡ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ሜጀር ሃብተ ጉበሩ፡ ንኣጋር ቀዳምነት ዘይምሃብ፣ ብቐዓት ዘይብሉ ብሽግለታ ምምራሕ፣ ንጋድም ተሰሪዑ ጉደና ምዕጻው፣ ብመኪና ተጐቲትካ ምጉዓዝ፣ ኣብ ግዜ ጸልማት መብራህቲ ዘይብሉ ብሽግለታ ምምራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንገዲ ኣጋር ብሽክለታ ምምራሕ ገለ ካብ'ቶም ብዘተጠቀምሉ ብሽክለታ ብፍላይ ድማ ብተመሃሮ ዝረኣዩ ጉድለታት ምዃኖም ገሊጹ።

ተመሃሮ ብሰንኪ ሸለልትነት ካብ ዝስዕብ ሓደጋታት ንምድሓን ብሽክለታ ኣብ ዝመርሕሉ እዋን ሕግታት ትራፊክ ብጥብቂ ክኽብሩ ዝጸወዐ ሜጀር ሃብተ፡ ሓደጋ ወጽኢት ዘይምኽባር ሕጊ ትራፊክ ምዃኑ ተረዲኦም፡ ኣብ ዝነብርዎ ምንቅስቓስ ጥንቃቐ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።


ስእሊ. ዙቤር ሰዒድ



ሓላፊ መርመራ ሓደጋታት ትራፊክ ኣቶ ቢንያም ብርሃ ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ 9 ኣዋርሕ ጠንቂ 27 ሞትን 523 መቑሰልትን ዝኾኑ 2,087 ሓደጋታት ተኸስቲቱ ከምእተፈጸመ ብምሕባር፡ ኣብ ንብረት ልዕሊ 13 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከም ዝወረደ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ምቍጽጻር መቐጻዕቲ ኣቶ ኢሳቕ ያቆብ ድማ፡ ሕግታት ትራፊክ ብምጥሓስ ካብ ዝተኸሰ ኣሽታት 62 ሽሕ ተኸስቲቱ፡ እተን 15,068 ብሽክለታታት ምንባረን ሓቢሩ።

# ጋሽ ባርካ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶ ኣተባባዒ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ክብ ንምባል ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ኣተባባዒ ውጽኢት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ብ21ን 22ን ጥቅምቲ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ተገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮባ ኣብ ዘሎ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝርአ ጸገማት ንምቅላል ዝተገደ ጻዕሪ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ንቕሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ፡ ኣብ ምርግጋጽ ምዕሩይነት ትምህርቲ፣ ምልላይን ምውጋድን ጠንቂ ምቁራጽን ምትራፍን ትምህርቲ ዓሪዮት፣ ንመምህራን ዝተዋህበ ስልጠናታት፣ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት፣ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፣ ምሕደራ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ ትምህርታውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዘተኮረ መደብት ብዕምቈት ዘተዩ።



ተኸታታሊት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ስላስ ኣስመላሽ ብወገኑ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣብ ሃገራዊ መርመራ ካብ ዝተሳተፉ 44 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝርከብኦም 14 ሽሕ ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ26 ማእታዊት ከምዝዓበየ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ያሲን መሓመድ ብወገኑ፡ ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ፡ ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብ58 ሚእታዊት፡ መባእታ ብ110 ሚእታዊት፡ ማእከላይ ደረጃ ብ140 ሚእታዊት፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ብ190 ሚእታዊት ዕቤት ከምዝመዝገበ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ መወዳእታ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምብራኽ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ፍረ ይህብ ከምዘሎ ብምንጻር፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ምስ ስፍሓት ዝርግሐ ትምህርቲ ንምምጥጣን ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምልዛብ ተበግሶታት ክውሰድ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ዘዘርግሓ 699 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ኮይኑ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣሽታት 211 ሽሕ ከምዝበጽሕ፡ ሰነዳት ጨንፈር ትምህርቲ የርእዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ጥዕና

### ንውሑስ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ዝምልከት

**ዕለቶም ዝሓለፉ መድሃኒታት ብግቡእ ነወግድ!**

ዘይንጥቀመሎምን ዕለቶም ዝሓለፉን መድሃኒታት፡ 'ናብ ዓይኒ-ምድሪ ወይ ላቫንዲኖ ምፍሳስ፤ ምስ ዘቤታዊ መኣከቢ ጕሓፍ ኣኪብካ ምጕሓፍ፤ ብሓዊ ምቅጻል ወይ ኣብ ሓመድ ምቕባር ቅሉዕ ኣገባብ ኣወጋግዳ መድሃኒት'ዩ' ኢልካ ትሓስብ፧ እዚ ግን ግጉይ ኣገባብ ኣወጋግዳ መድሃኒት እዩ። ምኽንያቱ፣ እዞም ኣገባባት፡ ምምራዝ ሰብን እንስሳታትን፣ ተጻዋርነት ደቀ-ነፍሳት ንመድሃኒት ጸረ-ታህዋስያንን ምብዃል ኣከባብን ከስዕቡ ስለ ዝኽእሉ። መድሃኒት፡ ብውሑስ ኣገባብ ንምእላይን ንምውጋድን፡ ናብ ኮማዊ-ፋርማሲታትን ማእከላት ጥዕናን ብምምላስ ኣብቲ 'ዘይተጠቐምናሎምን ግዜኦም ዝሓለፉን መድሃኒት ዝእከቡሉ መኣከቢ ቆፎ' ብምእታው ብግቡእ ከምዝውገድ ንግበር።


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

### ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:02 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ መለብሶ

ማርታ ክብሮም

ስእሊ. ኣቤል በርኸት

ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ናብ እትርከብ ምምሕዳር ከባቢ መሉብሶ ብስራሕ ኣብ ዝተጓዓዝናሉ፡ ንብዙሕ ብደሆታት ህይወት ሰጊረን ከም’ኡ’ውን ካብ ባዶ ተበጊሰን ብንግዲ መነባብሮአን ክቕይራ ንዝኸኣላ ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣዘራሪብና። ከም’ኡ’ውን ሓዳርን ሓላፍነት ምእላይ ቈልዑን ከይዓገተን ኑቲ ኣቐዲመን ዘቋረጻኦ ትምህርቲ ብምቕጻል ናይ ዓሰርተ ክልተ ክፍለን ትምህርተን ብዓወት ክዛዘማ ምስ ዝኸኣላ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ’ውን ዕላል ኣካዪድና። ጽሟቕ ትሕዝቶኡ ይስዕቡ።

ሰለሙት ማሕሙድ ትብሃል። ኣብ 1992 ኣብ መሉብሶ ተወሊዳ ኣብኡ ድማ ዓቢያ። ንሳ ካብታ ሸሞንተ ውሉድ ዝፈረየት ስድራ፡ ምንኣስ ምንኣሱ ጓል እያ። ዕድመኣ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቤሩት (መሉብሶ)፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ድማ ኣብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ኣሰማጥ ተማሂራ። ድሕሪ’ዚ ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻም ኣብ 2010 ምስ መበል 24 ዙርያ ንሳዋ ወሪዳ።

ሰለሙት፡ ሃገራዊ ግቡኣ ድሕሪ ምዝዛም፡ ኣብ መንግስታዊ ጋራጅ ከረን ተመዲባ እያ ክትሰርሕ ጀሚራ። እንተ ኾነ ኣቦኣ ካብ ዝሞተሉ ጀሚሩ ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ እንከላ ወላዲታ ኣሰር እቲ ኣብ 1999 ብሕማም ካብዚ ዓለም ብሞት ዝተፈልየ ኣቦኣ ሰዒባ። ጾር ሓሙሽተ ምንኣስ ኣሕዋታ ድማ ኣብ ዝባና ወዲቑ።



ሳዕዲያ መሓሙድ ዓሊ

ኑቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ክትገልጽ ከላ፡ “ካብ ሳዋ ምስ መጻእኩ ልክዕ ኣብ ትሸዓተ ወርሐይ እያ ኣደይ ሞይታትኒ። ድሕሪ’ዚ ስድራይ ንኽኣሊ ብምትሕብባር ናይ ቀረባ ሓላፊነት ናብ መሉብሶ ተመሊሰ፡ ክልተኦም ዓበይቲ ኣሕዋተይ ኣብ’ቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ስለ ዝነበሩ፡ ካብኦም ኣብ ገዛ ዝተረፉ ዝዓበኹ ኣነ እየ ነይረ። ስለዚ ሓላፍነት ስድራ ክወስድ ግድን ነይሩ። ስለዚ ኑቶም ንኣሽቱ ኣሕዋተይ ክኣሊ ተበጊሰ” ትብል።

ንሳ ካብ ኣዲኣ ብዙሕ ነገር ከም ዝተማህረት እያ ትዝክር። “ኣደይ ከተዕበየና ከላ፡ ዝኾነ ነገር ካብ ርእስና እምበር ካብ ሰብ ክንጽበ ከም ዘይብልና ደጋጊማ ትነግረና ነይራ። ድሕሪ ሞት ኣቦይ ኩሉ ጾር ናብ ዝባን ኣደይ ስለዝወደቐ፡ ንበይና ኮይና እያ ትኣልየና ነይራ። ስለዚ ድማ እያ ንኹሉ ጉዕዞ ህይወትና ዝኸውን ሰፍ ዘይብል ትምህርቲ ከተስንቀና ክኢላ፡ ኮታስ ንህይወት ብኸመይ ክንኑብራ ከም ዘለና ኣርኢያ ኮይናትና እያ ሓሊፋ። ከም ውጽኢቱ፡ ድሕሪ ሞት ኣቦናን ኣደናን ባዕልና ርእስና ክንክእል ተበጊስና። ኣነ ድማ ድሕሪ ስድራና ኣሕዋተይ ከየስተማህሩ ብምባል ኩሉ ጠለባቶምን ድሌታቶምን ከማልኣሎም ይጽዕር ነይረ።” ብምባል ብሓበን ትዝክር።

ቀጺላ “ናብራ ልዕሊ ዓቕምና ስለ ዝኾነ፡ ናብ ዕዳጋ ብምኻድ እንቋቑሖን ደርሆን ክሽይጥ ይወዕል ነይረ። እንቋቑሖ ኣብ ክንዲ ገዚእና ንሽይጥ፡ ባዕልና ደርሁ ኣፍሪና ክንሽይጥ ስለ ዝደለና ኣብ ገዛ ብስለስተ ደርሆ ምፍራይ ጀሚረ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ቁጽረን 15 ክብ ኢሉ። ድሕሪ’ዚ ዕዳጋና ካብቲ ዝነበሮ ቁሩብ ስለ ዝዓበየ፡ ደርሆን እንቋቑሖን ካብ መሉብሶ ሓሊፍና ንከረን እና ሰደድና ክንሽይጥ ጀሚርና። ኣሕዋተይ’ውን ብዓቕሞም ኣይሓመቑን። ዝኾነ ዝረኸብዎ ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም። እዚ ኮይኑ ግን ብሰንኪ ክብደት ናብራ ትምህርቲ ከየቋርጹ ይጥንቐቕ ነይረ እየ። በቲ ሓወይ ዕሰማን ድማ ኣብ ጎድነይ ብምዃን ቦታ ናይ ኣቦ ተኪኡ ይሕግዘና ነይሩ።”

ኣብ 2005፡ ኣሃዱ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ንኡስ ዞባ ሓልሓል ‘ጽገማት ስድራ’ ብምባል ብ10 ሽሕ ብመልክዕ ጥሪት ከም ዘጠየቖም ትገልጽ። ድሕሪ’ዚ ሰለሙት ኑተን ጥሪት ብምሻጥ፡ ሰፋዪት መኪና (ሳርቶ) እያ ገዚኣ። ኣዲኣም ኣገዳሲ ኣሰፋፍያ ምሂራቶም ስለ ዝነበረት፡ ንሳን ኣሕዋታን ኑቲ ስራሕ ክመልክዎ ኣይተሸገሩን። ናብራ እታ ስድራ ድማ በብቑሩብ ክመሓየሽ ጀመረ።

እታ ንብደሆታት ህይወት ኢዳ ዘይሃበት ሰለሙት፡ እኳ ደኣ ከም’ቲ ብሓዊ ሓሊፉ ዝተኾልዐ ወርቂ እንክትምሰል፡ ሓይላን ጸዓታን ብምውሳኽ ዱኳን ጸጊሓ ድማ ንእሹቶ ትካል ጸርበት ዕንጸይቲ ብምኽፋት ናብራ እታ ስድራ ካብቲ ዝነበሮ ክብ ከም ዝበለ ገይራቶ።

ጾር ኣሕዋታ ናብ ዝባና ዝወደቐ ሰለሙት፡ ንሳ’ውን ቦታ ኣደ ብምትካእ ንኣርባዕቲኣን ኣሕዋታ በቢሓደ ከም ዘመርዓወተን እያ ገሊጻትልና። ድሕሪ’ዚ ኣብ 2020 ድማ ንሳ ተመርዕያ። ኣብዚ እዋን’ዚ ድማ ኣደ ክልተ ውሉድ ክትኮውን በቒዓ ትርከብ። ድሕሪ ምምርዓዋ’ውን ሓገዝ በዓል ቤታ ዘይተፈልያ ሰለሙት፡ ኣብ ጎድና ብምዃን ብዙሕ ከም ዝድግፋ እያ ትገልጽ።

“ንዝመጽና ሽግር ኣደና ስለ ዘይሃበና ሎሚ ልዕሊ ሰብና እምበር ትሕቲ ሰብና ኣይተሰራዕናን። ከም’ኡ’ውን ሳላ ኣቐዲምና ዝጸዓርና፡ ሎሚ ሃዳእና ኣብቲ ሐዚ ዘለና ትካል ክንሰርሕ በቒዕና ኣለና፡” ድማ ትብል።

ሰለሙት ጥቕሚ ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ክትገልጽ ከላ፡ “ኣነ ምምሃረይ ብዙሕ ጠቒሙኒ እዩ። ምስ ሰብ ከመይ ገይርካ ተሰማሚዕካ ትነብር ኮታስ ብዙሕ ማሕበራዊ ህይወት ድማ ኣብ ሳዋ ተማሂረ። ከይተማሃርካ ምስ ገዐዘ ህይወት ክትጋጠም ከቢድ እዩ። ብፍላይ ጓል ኣንስተይቲ እንተ ተማሂራ እያ ንስድራ ቤታን ሕብረተሰባን ክትጠቅም ትኽእል። ስለዚ ትምህርቲ ዓቢ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ” ትብል።

“ንመንእሰያት ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ከሕልፎ ዝደሊ ነገር፡ ሽግር ኪጋጥም ከሎ ‘ስኢነ ኣልካ’ ኢደካ ዘይምሃብ። የማኑጸጋምካ ቁሊሕ ምስ እትብል ብዙሕ ዕድላት ኣሎ። ከም’ኡ’ውን ስራሕ ዘይምንዓቕ፡ ምኽንያቱ እቲ ንእሹቶ ኢልካ ትንዕቆ ስራሕ ከም መሳልል ኮይኑ ናብ ካልእ ክሰግረካ ስለዝኽእል። ብሓፈሻ ንዓይ ናብዚ ደረጃ ዘብጽሓኒ፡ ንዝረኸብክዎ ስራሕ ሓንኳፉይ ኢለ ይቕበሎ ስለ ዝነበርኩ እዩ። ስድራይ ንኽኣሊ ዝኾነ ዝረኸብክዎ ዓይነት ስራሕ ደሰርሕ ነይረ። ንኣብነት ሓደ እዋን ብስራሕ ምኽንያት ናብ ኣለቡ ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ ግዜ፡ ምስ መሳርሕተይ ቡን ክሸጥ ኮፍ ኣብ እንብለሉ ግዜ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ገለ ንብረት ገዚአ ቅሩብ ከሰብ ሸይጠዮ ይምለሰን ነይረ” ብምባል ርክብት ዘለዎ መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ።

ኣብ መወዳእታ ሰለሙት ንኣቦኣት መንግስታዊ ጋራጅ ከረን ከም’ኡ’ውን ነርቲ ምምሕዳር ከባቢ መሉብሶ ኣብቲ ከቢድ ግዜያት ናይ ህይወታ ኣብ ጎድና ብምዃን ሞራላዊ ሓገዝ ብምሃቦም መጕሳ።

ቀጺልና ዘዘራረብናያ ሳዕድያ ማሕሙድ ዓሊ እያ። ሳዕድያ ኣብ መሉብሶ ተወሊዳ ዓቢያ። ኽና ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ተመርዕያ ሰለስተ ቈልዑ ምስ ወለደት ግና ምስ በዓል ቤታ ስለ ዘይተሰማምዑት ናብራ ምዕባይ ቈልዑ ናብ ዝባና እዩ ወዲቑ። እንተ ኾነ ንዘመጽኣ ሽግራት ኢዳ ክትህብ ስለ ዘይደለየት፡ ኑታ ሓንቲ ጓላ ምስ ጎረቤት እናገደፈት፡ ዝተረፉ ክልተ ህጻናት ደቃ ሒዛ እንቋቑሖን ደርሆን ድማ ተሰኪማ ኣስታት 60 ኪሎ እናተጓዓዘት ኣብ ከረን ክትሸይጥ ጀሚራ።

ሳዕድያ ስራሕ ንግዲ ክትጀምር ከላ ኣብ ኢዳ 200 ናቕፋ ጥራይ እያ ነይረንኣ። ጸኒሓ ግና ካብ ትካል ‘መውል’ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ብመልክዕ ልቓሕ ስለ ዝረኸበት፡ ቀጽሪ ናይቲ ትሸጦ ዝነበረት ደርሆን እንቋቑሖን ክብ ክተብሎ ክኣለት።



ሰለሙት ማሕሙድ

ንሳ ኑቲ ደቃ ንምዕባይ ዘሕለፈቶ ቃልሲ ብኸምዚ ትገልጾ፡ “ኣነ ትሸዓተ ቈልዑ’የ ወሊደ። እንተ ኾነ ምስ ሓረስኩ ንሓደ ወርሒ ጥራይ እየ ኣብ ገዛይ ኮፍ ዝብል። ድሕሪ’ዚ፡ ቈልዓይ ሓዚለ ኑቶም ዝዓበዩ ሓንሳብ ኣብ ገዛ ሓንሳብ ምስ ጎረቤት እናገደፍኩ ናብ ስርሐይ ይምለስ ነይረ። ደቀይ ዕድመኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ድማ ንኹሉ ወጻኢታት ናይ ትምህርቶም እናሸፈንኩ፡ ትምህርቶም ብዘየገድስ ዛዚሞም ንሳዋ ይሰዶም ነይረ። ስለዚ ብጆካ እታ ንእሽቶ 11 ክፍሊ በጺሓ ዘላ፡ ኩሎም ደቀይ ሳዋ በጺሖም ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ክዛዘሙ ክኢሎም እዮም። ካብ ዲግሪ ክሳብ ደረጃ ሰርቲፊኬት ዝተመረቑ ‘ውን ኣለዉኒ።”

ሳዕድያ ጥቕሚ ትምህርቲ ብዘየገድስ ስለ ዝተረድኣ ደቃ ትምህርቶም ክቕጽሉ ተተባቢዖም ከም ዝነበረት እያ ትገልጽ። “ምንባር ብዘይ ትምህርቲ ትርጉም የብሉን። ወላደካ ሳዋ እንተ ኸይዱ፡ ምስ ካብ ሽዱሽተ ዞባታትን ትሸዓተ ብሄራትን ዝመጹ መንእሰያት ምንባር ስለዝጀምር፡ ኣብ ባህርያቱን ኣተሓሳስብኡን ብዙሕ ለውጢ ገይሩ እዩ ዝመጽእ” ድማ ትብል።

“ሎሚ ሳላ ኣብርቲዐ ዝሰራሕኩን ደቀይ ዘምሃርኩን፡ ቁጠባ ገዛይ ብርኡይ ክመሓየሽ ክኢሉ እዩ። ሽዱሽተ ደቀይ ኣመርዕየ’ውን ቀሲነ እየ” ዝበለት ሳዕድያ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ሎሚ ዱኳን ናይ ክዳውንቲ (ቡቲክ) ከፊታ ኣብ ዓዳ ሃዳኣ ክትነብር ክኢላ ትርከብ።

ኣብ መወዳእታ ጎረባብታ ኣብ ምእላይ ደቃ ብዙሕ ሓገዝ ከም ዝነበሩላ ብምግላጽ፡ ንዝነበሩላ ሓገዝ ኣመስጊና።

ይቕጽል...








# ውሑስ ምሕደራ ሰንሰለታዊ መዝሓሊ ንዝበለጸ ስርዓተ-መግቢ

ኢንጅ. ሮቤል ክብሮም ገብረመድህን
ክፍሊ ኣከባቢ (ሚ/መ/ማ/ኣ)
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

*እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ሎሚ ዓመት፡ "ብስምረት ዝበለጸ ስርዓት-መግብን ዝበለጸ መጻእን ንውሕስ!" ብዝብል ብ16 ጥቅምቲ 2025 ዝተዘከረት ኣህጉራዊ መዓልቲ መግቢ ምኽንያት ብምግባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ተራን ኣገዳስነትን ሰንሰለታዊ መዝሓሊ ድሕነቱ ዝተሓለወ መግቢ ኣብ ምዕቃብን ኣስተዋጽኦኡን ብዝምልከት ርኢና ነይርና። ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ድማ፡ ዓይነታት ሰንሰለታውያን መዝሓሊታት፡ ኣብ ኣከባቢ ዘስዕብዎ ጽልዋን ንውሑስ ምሕደራኦም ክግበር ዘድልዮን ክንምልከት ኢና።*

ብሓፈሻ ሰንሰለታውያን መዝሓሊታት ከም መግቢ፡ መድሃኒትን ካልኦት ንመቐት ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ፍርያትን ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ ዛሕሊ ንምዕቃብ ዘገልግሉ ዓይነታት ንዋት እየም። ካብታ ኣብ ቤትና መግቢ ንምዕቃብ ንጥቀመላ ፍርጅ ክሳብ ኢንዱስትርያዊ መዓል ዘለዎ ዓበይቲ መኽዘን ዛሕሊ ዝርከብሉ ኣገባብ ተመሳሳሊ እዩ። ሽሕኳ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ስርዓት ምዝሓል ወይ ምውዓይ እንተ ሃለዉ፡ ኣብዚ እዋን ዚዩዳ ካልኦት ኣገባባት ኣብ ስርዓት መዝሓሊታትን መዝሖሚ ኣየርን (ኣየር ኮንዲሽነርን) ዝውዕል



ቀጸላ ኦዞን ዝጸንቅቕ ጋዝ


ግን፡ ብምቕያር ኩነት (phase)፡ መዝሓሊ ጋዝት ወይ ብጸቕጢ ሃፋ ዝሰርሕ ስርዓት መዝሓሊ'ዩ። እዚ ዓይነት ስርዓት መዝሓሊ፡ መዝሓሊ ጋዝት ኣብ ዕጹው ስርዓት (closed loop) ክዞሩ ብምግባር፡ ብሓገዝ ዝተፈላለዩ መካኒካውያን ኣቕሑ፡ ኩነት መዝሓሊ ጋዝት እናተቐያየረ ካብቲ ክዝሕል ተደልዩ ዘሎ ፍርያት ብመዝሓሊ ጋዝ ኣቢሉ ዋዒ ብምውሳድ፡ ዝዘሕል ቴክኖሎጂ እዩ። ኣብዚ ዕጹው ማሳርሒ፡ እቲ ክዘሕል ዝተደለየ መግቢ ወይ ካልእ ግዙእ ዋዒኡ ናብቲ ዝዘውር መዝሓሊ ጋዝ የሰጋግሮ፡ እቲ መዝሓሊ ጋዝ ዝኣከቦ ዋዒ ድማ ብኮንደንሰር ወይ ካልኦት ደጋዊ ሓይሊ ተሓጊዙ ዋዒኡ ብምንጻግ ዛሕሊ ብምምላስ ንዘቕጽል ማሳርሒ ድሉው ይኸውን። እዚ ስርዓት ምስግጋር ዋዒ ኣድማዒ ክኸውን ዘድልዩ መካኒካውያን ኣቕሑ እኳ እንተ ሃለዉ፡ ኣገዳስነት መዝሓሊ ጋዝ ካብ ዕዙዝ እዩ።

**ድሕረ ባይታ መዝሓሊ ጋዝት**

ቀዳሞት ሰባት መግቦም ብውሑስነት ንምዕቃብ ዝተፈላለዩ ልምዳውያን መንገድታት ይጥቀሙ ነይሮም ዝበሉ መምህራን ይገልጹ። እቲ ቐንዲ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣገባብ ኣተዓቃቕባ ኸኣ፡ ብሓገዝ በረድ ነበረ። በረድ ክዳልወሉ ዝኽእሉ ቴክኖሎጂ ስለ ዘይነበረም ድማ፡ ካብ ዝሑል ከበባታት እናኣምጽኡ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብባህርያዊ ኣገባብ ዝተረኽበ በረድ እናዓቀቡ ይጥቀሙ ነበሩ። ምስኡ'ውን ኣብ ምድሪ ዝተቐላቐሉ ዝተፈላለዩ ስልጣኔታት ድማ ሓደስቲ ኣገባባት ኣተዓቃቕባ በረድ ክምዕብሉን ኣብ መጀመርታ 18 ዘመን ከኣ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ክርኣዩን ጀመሩ። ኣብ መጀመርታ 19 ዘመን እዚ ኣገባብ'ዚ ናብ ምምሃዝ ብመዝሓሊ ጋዝ እትሰርሕ ኤለክትሮኒካዊት ፍርጅ ማዕበለት። እዛ በቲ ትሃቦ ስሉጥን ብቑዕን ኣገልግሎት መዝሓሊ ዓቢ ሩፍታ ክትህብ ዝኸኣለት ምህዞ ብሰንኪ መርዛምን ተቓጻሊ ባህርን ናይቶም ትወስዶም መዝሓሊ ጋዝት ግን፡ ኣብ ተጠቀምትን ጸገምትን ኣፍረይትን ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክተኸትል ጀመረት። ማለት እቶም ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ጀሚሮም ዝነበሩ ከም ብዓል ሳልፈር-ዳይኦክሳይድ፡ ኣሞንያ፡ ሚታይል ክሎራይድ፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ግኡዛት መዝሓሊ ጋዝት ኣብ ዝልሕኩሉ ካብ ቀጥታዊ ጥዕናዊ ጽልዋ ክሳብ ሞት ክበጽሕ ዝኽእል ሓደጋታት ከስዕቡ ከኣሉ። በዚ ኸኣ ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ካልእ ዝሓሸ መዝሓሊ ጋዝ ንምርካብ ክኾላተቱ ጀመሩ።

ድሕሪ ብዙሕ ፈተነታት ከኣ ኣብ 1928 ጀነራል ሞተርስ ዝበሃል ኣብ ምፍራይ ዝተፈላለዩ መካኒካዊ ንዋት ዝሰርሕ ትካል ሓደ ብስራት ኣብ ዓውዲ መዝሓሊታትን መዝሖሚ ኣየርን ኣበሰረ። ንሱ ኸኣ ምምሃዝ ናይቶም ብምውህሃድ ክሎሪን፡ ፍሎሪንን ካርቦንን ዝዓለዉ ፍርዮን ጋዝ ተባሂሎም ዝፍለጡ መዝሓሊ ጋዝት እዮም። እዞም ሕቡራትን ጨናን ኣልቦ ዝኾኑ መዝሓሊ ጋዝት፡ ምስ ምሕሳር ዋጋኦም ተወሲኽዎ፡ ንቶም ኣቐዲሞም ኣብ መዓል ክውዕሉ ዝጸንሑ ክትክእምምን ንዕዳጋታት ዓለም ክዕብልልዎምን ግዜ ኣይወሰዱን። ዓመታዊ ኸኣ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ፍርዮን ጋዝት ክፈርዩ ጀመሩ።

እዞም ጋዝት፡ መዝሓሊት (ፍሪጅ) ብዘይልዩ መጠንን ብርትዓዊ ዋጋን ክትዓሎን ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ኣየር ኮንዲሽነር ክምዕብልን ባብ ዝርሓወ ምኽንያም'ውን ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ዝሰማምዑሉ ሓቂ'ዩ። ተጠቃምነቶም ከኣ ካብ ኣብ ፍርጅን ኣየር ኮንዲሽነርን ናብ ናይ ማኪና ኣየር ኮንዲሽነር ክስፋሕፍሕ ጀመረ። በቲ ንተጠቀምትን ጸገሙ ናይዞም ንዋት ዝፈጠርዎ ምቹእነትን ሩፍታን ከኣ 'ማስተግር ጋዝት' ተባሂሎም ክጽውዑ ጀመሩ። እዚ ግን ክሳብ እቲ ኣብ 1980ታት ፍርዮን ጋዝት ጠንቂ ርቀት ቀጸላ ኦዞን ምዃኖም ዝሕብር ሳይንሳዊ ርኽበት ተቐባልነት ምርካቡ'ዩ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ንዝተፈላለየ መዓል ዝውዕሉን ኣብ ኣሕድሕዶም ዝፈላለ ባህርን ኣድማዕነትን ዘለዎምን ኣዝዮም ብዙሓት ባህርያውያንን ሰብ ዝሰርሖምን መዝሓሊ ጋዝት ኣለዉ።




**ቀጸላ ኦዞን እንታይ'ዩ**

ቀጸላ ኦዞን ካብ ገጽ ምድሪ ካብ 11 ክሳብ 50 ኪሎ ሜትር ኣብ ዘሎ ብራኽ ዝርከብ፡ ብምግጣም ኦዞን ጋዝት ዝቖመ ቀጸላ'ዩ። ኦዞን ጋዝ (O3) ብሰለስተ ናይ ኦክሲጅን ባእታታት ዝቖመ'ዩ። ቀጸላ ኦዞን ካብ ጸሓይ ንዝመጽእ ንዋሕ ዘይምሉእ ሓደገኛታት ጸረግታት ጸሓይ ብፍላይ ድማ፡ ካብኡ ብርቱዕ ቃጸሎ ብምኽሳት ከቢድ ጥዕናውን ኣከባብያውን ሃሰያ ከስዕቡ ዝኽእሉ ዓይነት ጸርገ ከም ዋልታ ኮይኑ ይከላኸለሉ። እዞም ሓደገኛታት ጸረግታት መኸሮ ቀርበት፡ ካታራክት (ሕማም ዓይኒ)፡ ዐረትን ምድኻም ተፈጥሮኣዊ ስርዓት ምክልኻል ሕማማትን ኣብ ደቂ-ሰብ የስዕቡ።

**ኣከባብያዊ ጽልዋታት ፍርዮን ጋዝት፡**

ፍርዮን ጋዝ ብሰንኪ ደቂ-ሰብ ካብ ዝተፈላለዩ መዓላታት ተተፊኦም ናብ ቀጸላ ስትራቶስፌር ምስ ዝበጽሑ፡ ጨረርታ ናይ ጸሓይ ይዓልቦም'ሞ፡ እቲ ዘቖሞም ክሎሪን ይብታተን። እዞም ባእታታት ከኣ፡ በቲ ዘለዎም ልዑል ኤለክትሮን ናይ ምስሓብ ዓቕሚ ምስ ኦዞን ጋዝ ብምጽንባር፡ ንመስርዕ ናይ ኦዞን ጋዝ ብምስባር፡ ንጸዕቂ ኦዞን ኣብ ስትራቶስፌር የጉድዮ። በዚ ድማ፡ ምርቃቕ ቀጸላ ኦዞን ይኸሰት። ሓደ ካብኡ ክሎሪን ክሳብ 100 ሽሕ ሞለክዩላት ኦዞን ክዕንዉ ከም ዝኽእል ከኣ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ስለዚ እዮም ከኣ፡ ፍርዮን ጋዝ ቀጸላ ኦዞን ዝጸንቅቑ ጋዝት ተባሂሎም ዝፍለጡ። ፍርዮን ጋዝት፡ ዓለማዊ ዋዒ ናይ ምስዓብ ዓቕሞም እውን ልዑል'ዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ኪሎ ብኣር 12 (R12) ዝፍለጥ መዝሓሊ ጋዝ ናብ ኣከባቢ ምስ ዝፍኖ፡ ኣብ ናይ 100 ዓመት ገደብ ግዜ ክሳብ 10,900 ዕጽፊ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ዝመጣጠን ጽልዋ ኣብ ዓለማዊ ዋዒ ይኸስት። እዚ ኣሃዝ ብሰሪ ንሱኡ ንምኽያድ ዝስዕብ ሃልኪ ጸዓት ዘስዕቦ ኣከባብያዊ ጽልዋ ኣብ ግምት ዘየእተወ'ዩ።

ኣከባብያዊ ጽልዋ ፍርዮን ጋዝት ብምዕባዩ ዝሓሹ ኣማራጺ መዝሓሊ ጋዝት ንምትእትታው ዝተፈላለዩ መጽናዕቲ ክካየዱ ቀሲቡ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ዝኸዓ እኻም ኣብ ምርቃቕ ቀጸላ ኦዞን ዘይብሎም መዝሓሊ ጋዝትን ብእኦም ዝዓዩ ንዋትን ብውሑስ ኣገባብ ክምዝዙ ክኢሎም። ገለ ንምጥቃስ፡ ብምጽንባር ሃይድሮጅን ፍሎሪንን ካርቦንን ዝዓለዉ መዝሓሊ ጋዝት (134a, 404 A, 410A, 407 ወዘተ) ከምኡ'ውን ብምጽንባር ሃይድሮጅንን ካርቦንን ዝዓለዉ መዝሓሊ ጋዝት (600a, 290)።

**መዝሓሊ ጋዝት ብከለ ዘስዕቦ መዓሰዪዎም፤**

መዝሓሊ ጋዝት ዘይከም ኣብ ቤትና መግቢ ንምብሳል ንጥቀመሉ ዓይነት ጋዝ (ቡታ ጋዝ)፡ ኣብ ግዜ ተጠቃምነት ዝሃልኩ ኣይኮኑን። መዝሓሊ ጋዝት ኣብ ዕጹው ስርዓት ስለ ዝዘውር፡ ክልሕኩሉ ዝኽእል ዝኾነ ከፋት ወይ ቀዳድ እንተ ዘይረኸቡ ንዋሕ እዋን ብኣድማዕነት ከገልግልን ዝኾነ ብከላ ከየስዓበን ክጸንሕ ይኽእል። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ፡ ኩሎም መዝሓሊ ጋዝት ንኣከባቢ በኩሊ'ዮም ክበሃል ኣይከኣልን። ካብቲ ዝርከብሉ ንዋት እንተ ዘይወጺኦም'ውን ኣብ ኣከባቢ ይኹን ኣብ ድሕነት ሰብ ዘውርድዎ ዝኾነ ጽልዋ የለን። ስለዚ፡ ዋላ'ውን እቶም ኣከባቢ ክበክሉ ዝኽእሉ ጋዝት ውሑስ ምሕደራ እንተ ተገይሩሎም፡ ካብ ምብካል ክሕለዉ ይኽእሉ'ዮም። ወቕታዊ ክትትልን ጽገናን ውሕስነት መዝሓሊ ንዋት ኣብ ምርግጋጽ ወሳኒ'ዩ። ውሑስ ምሕደራ መዝሓሊ ጋዝት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝህልዎ ኣከባብያዊ ረብሓ ዝርከቦ ቀጠባዊ ረብሓ'ውን ዘይንዓቕ'ዩ።


ኣገልግሎት መመርመሪ ብቕዓት መዝሓሊ ጋዝ ትህብ መሳርሒት

**ጽልዋታት ትምዩን መዝሓሊ ጋዙ-**


ልዑል መኽሰብ ንምርካብ ተባሂሉ ንተጠቀምቲ ናይ'ዞም ጋዝት ብምድንጋር ዝተተምዩ መዝሓሊ ጋዝት ኣብ ዕዳጋታት ብዙሕ ግዜ ምስተቐላቐሉ'የም። ትምዩን ጋዝ ዝበሃል ብዘይሕጋዊ ኣገባብ፡ ግቡእ ኣከባብያውን ድሕነታውን ቅጥዒ ከየማልአ ተማሲሩሑ ዝዓለ ጋዝ'ዩ። ንኣብነት፡ ብ134 (R134a) ዝፍለጥ ፍርጅ ንምዝሓል ዝጠቅም ጋዝ ንምድላው፡ ምስ ካልኦት ብሕሰር መንገዲ ክዓለዉ ዝኽእሉ ጋዝት ብምትሕውዋስ ወይ ጠሉብ ክረኽቡ ዘይክእሉ ዓይነት ጋዝት፡ ብስም መዝሓሊ ጋዝ 134 ተዓሺጎም ናብ ዕዳጋ ይወርዱ። ዝተተምዩ መዝሓሊ ጋዝት ኣብ መዓል ክውዕሉም ኣብ ንፋትካሉ ግዜ፡ ኣድማዕነት መዝሓሊ ንዋት ክጎድልን ዕንወት ዝተፈላለዩ ኣካላት ንዋት መዝሓሊ ከስዕብን ይኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ክሳብ ሞት ዘበጽሕ ሓደጋ ከስዕብ ይኽእል። ኣብ ሃገርና'ውን መመርመሪት ብቕዓት መዝሓሊ ጋዝ ኣብ ዘይነበረሉ እዋናት፡ ኣብ ቴክኒሻናት ናይ'ዚ ዓውዲ ተደጋጋሚ ሓደጋ ከምኡ'ውን ዕንወት መዝሓሊ ንዋት ደስዕብ ምንባሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ። ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ነዚ ኣሰካፊ ተርእዮ ንምቕንጣጥ ዝሕግዝ መርመርቲ ብቕዓት መዝሓሊ ጋዝ ኣብዘን ቀንዲ ኣህጉራዊ መዝሓሊ ጋዝት ዝኸና ከተማታት ኣስመራን ባጽዕን ብምቛም ንመንግስታውያን ከምኡ'ውን ናይ ብሕቲ ትካላትን ውልቀሰባትን ናይ ናጻ ኣገልግሎት መርመራ ብቕዓት መዝሓሊ ጋዝ ይህብ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ልዑል ባጀት ብምፍሳስ፡ ንቴክኒሻናትን ተጠቀምትን ናብቶም ምስ ኣከባቢ ዘይጻበኡ ቴክኖሎጅን ኣገባባትን ንምስግጋር ዘኽእል ዝተፈላለየ ዕማማት ኣብ ምስልሳል ይርከብ። ገለ ንምጥቃስ፡ ምምስራት ኣብ ምስልጣን ሓደስትን ነባራትን ዝሰጥሩ መሰልጠኒ ማእከላት መዝሓሊታትን መዝሖሚ ኣየርን፡ ኣብ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዘድሃበ ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ስልጠናታት ከምኡ'ውን ምዕጣቕ ዘመናውያን ናውቲ ጽገና ንኣብነት ዕዮ መዝሓሊታትን መዝሖሚ ኣየርን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ውሑስ ምሕደራ ተጠቃምነት መዝሓሊ ጋዝትን ብእኦም ዝዓዩ ንዋትን ንምርግጋጽ፡ ጠንቂ ርቀት ቀጸላ ኦዞን ዝኾኑ ፍርዮን ጋዝትን ብእኦም ዝዓዩ ንዋትን ናብ ሃገር ከይኣትዉ ዝኸልክልን ውሑስ ምሕደራ ተጠቃምነት መዝሓሊ ጋዝትን ንምርግጋጽ ዝኽእልን ሕጋዊ ምልክታ 117/2010፡ ብ23 ንሓሰ 2010 ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ተገይሩ። ብተወሳኺ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ህዝብን መሻርኽቲ ትካላትን ኣብዚ ዓውዲ ንምዕባዩ ገጠባስ ኣብ ምኪያድ ይርከብ። ከም ውጽኢት ናይዞም ኩሎም ዝተኻየዱ ጻዕርታት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እታው ፍርዮን ጋዝት ናብ ሃገርና፡ ምሉእ ብምሉእ ጠጠው ክብል ክኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ብደረጃ ሃገር፡ ብቑዕን ውሑስን መግቢ ንኹሉን ኣብ ኩሉን ንኽበጽሕ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣገዳስነት ውሑስ ሰንሰለታዊ መዝሓሊ ልዑል ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ኣድላዪ ኣቓልቦ ሂቡ ንምርግጋጹ ክሰርሕ ይግባእ። ውሕስነት ሰንሰለታዊ መዝሓሊ ንምርግጋጽ ድማ እቲ እንጥቀመሉ መዝሓሊ ጋዝ ወይ መዝሓሊ ንዋት፡ ንድሕነት ኣከባቢ ኣብ ግምት ዘእተወን ግቡእ ምርመራ ብምግባር ብቕዓቱ ዝሓለወን ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ምትካልን ምጽጋንን እዞም ንዋት ዝሰርሑ ክኢላታት ግቡእ ስልጠና ዝቐሰሙ ክኾኑ ኣድላዪ እዩ።


ብቐጸላ ኦዞን ዝጸንቅቕ ጋዝ ትዓዩ ንዋት(ፍርጅ)



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

### ዘማችትን ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን

ስእሊ፡ ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ዝረአናዮ፡ ዘማች ኒታ ቦኽሪ ፍርያቱ ዝኾነት “ጸላእቲ ኣዕገርሩ” ዝርእስታ ፋልማይቲ ዜማኡ ኣብ 1978 ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር (መንተብሌ) ምስ ደረሰ፡ ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቱ ብቐጥታ ናብታ ሓንቲ እግሩ ዝገደፈላ ከተማ ከረን ተመደበ። ኣብ እታ ከተማ፡ መምህር ኮይኑ እናሰርሐ፡ እቲ ኣብ መንተብለ ዝፈለሞ ስነ ጥበባዊ ስራሓት ቀጺልዎ። ምስ መድረኽ ናይቲ ገድሊ ዝኸይድ ደርፍታት ክደርስን ክደርፍን ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ከረን ከኣ፡ “ህጃም” እትብል ካልኣይቲ ህብብቲ ዜማ ደረሰ።

ኣብ 1978 ዘማች ኣብ ከረን ከም መምህር ዝሰርሓሉ ዝበረ እዋን’ዩ። ሽው ኣብ ከረን ከም ኩለን ሓራ ዝበራ ከተማታት፡ ቀያሕቲ ዕንባባ ካብ ዝፅንበሉ ዝበሩ ከተማ ነይራ። ዘማች ደማ እቲ ደሓር ምስ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝቐጸሎ ጉዕዞ ስጉምበበ ፈለማ ኣብ ሓራ ከተማ ከረን ምስ ቀያሕቲ ዕንባባ ከረን ዝጀመረ’ዩ። ሓደ ምሸት ቀያሕቲ ዕንባባ ከረን ብጠቕላላ ኮይናም ባህላዊ ምርኢት ከቕርቡ ይዳለዉ ነበሩ። መምህር ዘማች’ውን ነዚ ዕድል’ዚ ተጠቒሙ ከምታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ከሎ ዝፈ፡ተናን ዝተዓወተላን “ጸላእቲ ኣዕገርሩ” ዝርእስታ ደርፉ፡ ኣብ ከረን’ውን ምስተየም ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ናቱ ደርፌ ከቕርብ ደለየ። ኣብቲ ቕነ’ቲ፡ ኒታ “ህጃም” ዝርእስታ ኣዝዩ ህብብትን ፍልጥትን ደርፌ ከኣ ሰርሐ።

**ሰራሕቲ ቅያ ህጃም**
**ሰውራዊት ስልቲ ህጃም**
**ኣቀጣፊት ዓወት**
**ድሌት ናይ ሓፋሽ ዛዞሚት።**

“ህጃም” ምስ ተደርፈት ኣብ እዝዚ ኩሉ ተጋዳላይን ህዝብን ቀልጢፉ በጺሓ - ኣዝዩ ተፈትወት። ምኽንያቱ ‘ህጃም’ ተጋዳላይ ዝምከተሉ ስልቲ ውግእ’ዩ ነይሩ። ዓሚቑ ትርጉም ደማ ኣለዎ። ‘ህጃም’ መርኣያ ትብዓትን ልዑል ተወፋይነትን መግለጺ በጃ ምሕላፍን ኣብኡ ምኳንን’ዩ። ትርር ዝበለ ዕርዲ ጸላኢ ንምፍራስን ንምቁጽጻርን ምሩጻት ኣፀጽሕ ቀድሚ ብጹተም ሓለፍም ክሃጀሙ ልሙድ ህይወት ተጋደልቲ’ዩ። ሃጀምቲ ብዙሕ ግዜ ብህይወት ናይ ምምላስ ዕድሎም ጸቢብ’ዩ። ዕድል እንተ ገይሮም ብውሑድ ማስዋእቲ

ይገላገሉ፡ ጸላኢ ኣትኪሉ እንተ መኪተ ድማ፡ ከቢድ ዋጋ ይኸፍሉ። የግዳስ ተዓዊቶም ምውጽኦም ዘይተርፍ’ዩ። በዚ ድማ፡ “ህጃም” ናይ ዓወት ሕላገት እውን እዩ።

**ንሽኺ ስልቲ ኢኺ ፈጻሚት ጅግና**
**ከም ሓዊ ዝቦለዕ ኣንጻር ጸላእትና**
**ቡታቲ ዝኣቱ ብዘይተጕላበት**
**ንዘመጽኡ ብጾት ክኸውን ኣብነት።**


ዘማች ነዛ ደርፌ እዚኣ ብስምዒት ክደርሳ ዝደረኾ ሓያል ዝኽሪ ነይሩዎ’ዩ። ኒታ ዝበራ ከተማ ከረን ሓራ ንምውጻእ ኣብ ሓንቲ ሀጃም ካብ ጋንታኡ ንሱ ዝርከቦም ሓሙሽተ ኣጋብዘ ተመሪጾም ክዳለዉ ዘይሃስስ ዝኽሪ ኣለዎ። ሃጀምቲ ንማስዋእቲ ዝተወፈዩ’ዮም። “ክንደይ ይምለሱ፡ ክንደይ ይስውኡ?’ ክትግምት ዝከኣል ኣይኮነን። ንሳቶም ከኣ፡ ከም ዘይምለሱ እናፈለጡ’ዮም ናብቲ ህጃም ዝበገሱ፡ እዉ ቀድሚ ብጹቶም ንምውፋይ።



ስነ-ጥበበኛ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች)

**እዚ ቦጅባጅ ሰራዊት ብሓሶት ዝሸኸረ**
**ኣብ ከተማታት ኮይኑ ደቂሱ እንተ ፈከረ**
**እንተኾኑ ኣይከኣለን ቀጺሉ ንምንባር**
**ኣእጋሩ ተሓፅሚሹ ኣብ ኩሉ ወራር። ...**

ዘማች ነዛ ‘ህጃም’ ዝርእስታ ደርፌ ክደርስ እንከሎ፡ ኑየም ወትሩ ካብ ኣእምሮኡ ዘይሃስሱ ሃጀምቲ እናዘከረ ብስምዒት’ዩ ገጢሙዋን ዘዜሙዋን። ክደርፋ እንከሎ፡ ልክዕ ሽዑ ኣብ ህጃም ዘሎ እዩ ዝመስል። ኣለምሰገድ ተሰፋይ፡ ኣዝዩ ጥዑምቲ ደርፌ ከም ዝሰርሐ ሽዑ ንሽዑ’ዩ ማስከሩሉ። እታ ደርፌ ህብብቲ ምስ ኮነት፡



ስነ-ጥበበኛ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች) ኣብ 1978

ኣለምሰገድ ንዘማች “እንተላይ ናብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ተርጒመ ክትደርፋ ምደለኹ” ኢሉዎ። ኣለምሰገድ ክትርጉመሉ ደልዩ ነይሩ። እንተኾነ ናዕታን ረምታን ናይቲ ዘማች ዝተጠቐመሉ ቃላት ትግርኛ ምስ እንግሊዝኛ ምስምማዑ ኣሸጊሩዎ። ከምቲ ብትግርኛ ዘለዋ ጣዕሚ ብእንግሊዝኛ ክትመጽኣሉ ስለ ዘይከኣለት ገዲፉዋ። “ኣንታ ኩሉ ኑብስናኮ ህጃም! ህጃም! ኣጭዊኻዮ። ኣብ ክላስ ህጃም! ኣብ ቤት ጽሕፈት ህጃም! ኣብ ምግቢ ህጃም! በቃ ህጃም! ህጃም!” በሎ ኣለምሰገድ።

**ዝኾነ ኣድሓርሓሪ ‘ተመጻ ተሃንደዱ**
**ከብዱ ኬፈሉ ክሳዱ ኣርጉዱ**
**እቲ መትከላዊ ብጹይ ዓቕሉ ዘጽብበ**
**ኣንጻሩ ፕኸምክት ህጃም ይጠልብ።**

ዘማች ሓደ እዋን ንፉዕ ስነ ጥበበኛ ክኸውን ከም ዝኸኣለ፡ ኣለምሰገድ ቡታ ደርፌ ደሮ ኣረጋጊጹ ነበረ። ህጃም እትብል ቃል በዛ ደርፌ ኣዝዩ ምስ ገዘት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ክይተረፉ “ወንበዴታት ንሰራዊትም ህጃም ዝበሃል ሓሸሸ ኣብሊዖም እዮም ናብ ወግእ ዘእትውዎም” ይብሉ ነይሮም።

ሽዑ ኣብ ከተማ ከረን ዝበሩ ተመሃሮ “መምህር፡ ህጃም ኣስመጻናባ” እናበሉ ዕረፍቲ ከልእዎ። ቡታ እኽ ናይ መዚቃ መሳርሒቱ ፋዳ እናሰዐ ደማ፡ ደኺመ ከይበለ ደጋጊሙ ይደርፈሎም። እዉ ህጃም እቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት!

*መወከሲ፦ ታሪኽን ፍርያትን እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች) ብግርማይ ተኽለ (ጓይደ)*

**ይቕጽል...**



ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ሳሕልን ቅርስታት ገድልን

### ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካበይ ናበይ

ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እቲ ቀድሚ ምዝላቕ ኣብ ዜሮ ዘሕለፉዎ ምቹእ መነባብሮ፡ ድሕሪ ምዝላቕ ግን ኣይመቸኦን። ድሕሪ’ቲ ካብ ዜሮ ክሳብ ጭልሕንተ ሱዳን ካብኡ ድማ ክሳብ ዓራርብ ዝበረ መነባብሮ ምስ ብዙሓ ተመሃሮ እናሓመቐ ከደ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብቲ ዓስራይ ዓመት ልደታ 1987 ናይ መግቢ ክዳንን ሳእንን ሕጽረት ነበረ። ካብ ተመሃሮኣ 75% ብዘይ ሳእኒ ይኸዱ፡ ዕንጸይቲ ደወፍሩ፡ ናብ ካልእ ስራሓት ይዋፈሩ። ዋሕዲ ከቦርታ ጠንቂ ጉንፋዕ ይኸውን ከም ዝበረ፡ ኣብቲ ናይ ሽዑ ሰሌድ ተመዝገቡ ኣለዉ። ንኣብነት ሽዑ 1737 ተመሃሮ 779 ከቦርታ ክዳንን 387 መንጸፍን ነይሩዎም። ብዘውሳኺ መግቢ እቲ ንብር ናይ ተጋዳላይ መሻርፍ ዘይርከበሉ ኣዋርሕ የጋጥም ነይሩ። ስለዚ እዞም ህጻናት ክህሉ እንተ ኾይኖም፡ ንዓኣቶም ዘድሊ መግቢ፡ ክዳን፡ ሳእኒ፡ ከቦርታ ኣብ ዝሓጸረ ክፍታሕ የድሊ።

ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ እቶም ተመሃሮ ንብምልኡ ኣቕሑት ቤት ትምህርቶም፡ ካብ ዜሮ ንምግዓዝ ዘየድዎ ስራሕ፡ ኣብ ታሪኽ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ፈጺሙ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ንሓደ ወርሒ ደኺምና ከይበሉ ንኽልተ ሰለስተ ሰዓት ኣቕሑ ተሰኪሞም ኀጦን ቁልቁለትን ሰሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ምድያብን ምውራድን ንስራሕ ዝበርዎም ተጉዳስት ዘረጋግጽ’ዩ።



የግዳስ ተመሃሮ ቤ/ት/ ሰውራ፡ ኣብ ግዜ ገድሊ ምምሃር ካብ ቃልሰን መስዋእትን ምህዳም ኮይኑ ይስመዖም ስለ ዝበረ፡ ኣብታ ዓመት’ቲኣ እቲ ናይ ምውዛዕ ስምዒት ዝያዳ ገንፈለ። እዚ ድማ ንህላወን ቀጻልነትን ቤ/ት/ ሰውራ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ኣውዲቑዎ። ገለ ንኣራግ ገለ’ውን ብመንገዲ ሱዳን ሓደስቲ ተማሰሉም ክጋደሉ ናብ ሱዳን 120 ዝኾኑ ተመሃሮ ኣብ ሓደ ሰሙን ዝሃደሙሉ እዋናት’ውን ኣብ ታሪኽ ቤ/ት/ሰውራ ተሰኒዱ ኣሎ። ብዙሓት ተመሃሮ ትምህርቲ ኣቋሪጾም ጠጠው ዝበሉ’ውን ነይሮም። እዚ ጉዳይ ንምፍታሕን ተመሃሮ ፍትወት ትምህርቲ ንኽሓድሮምን ብምባል ህ.ግ. ብመልክዕ ሰሚናራት፡ መድፍዕ ተኩሲ መሬት ከም ዘይሕረስ ጥይት ኣፍሲሱ ፋብሪካታት ከም ዘይንቀሳቐስ እንተላይ ብምኽንያት ዋና ጸሓፊኡ ኣረዲኦ።

**ይቕጽል...**

**ምንጪ፡ መጽሓፍ ፊተውራሪ 2001**



## ካብ ዋዛታት ሓርበኛ



### ሓደት - ንዝኽሪ ጅግና ስውእ

ኣብ ዘበነ ተጋድሎ እዩ፡ ስውእ ተጋዳላይ ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ውጩ) ገይሹ ኣብ ዝበረሉ፡ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኣሃዱኡ ኣብ ግጥም ተሳዒርም ደጸንሑዎም። እቲ ዓቢ ስፖርታዊ ስምዒት ዝበሮ ውጩ ንኸሎኡም ተጻወትቲ ኣከቢ፡ “ንሽኻትኩም ኩሉኹም ጉዳይም ተጋደልቲ ኢኹም፡ እንታይ ኳንኩም ተሳዒርኩም?” ይብሎም።

ኩሎኦም ተጻወትቲ ምስ ኣጽቀጡ፡ ተጋ/ ውጩ ንሓደ ካብታቶም እናመልከተ “ንዓኻ’የ ቅጫ?!” በሎ።

ቅጫ ሆየ ተቐቢሉ “ኢታ ውጩ! ከዕሶ’ሞ ከቡብ እንድያ’ ምስ በሎ ውጩ ቀልጢፉ ኢሉዎ፡ “ከቡብ ምኻና መኣስ ጠፊኡኒ! ኣጣኻትኩም ምስ በጽሐት ግና ባናና ተቐይራትኩም” በሎም ይበሃል።

**ቢንያም ሃይለ**

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Engineer**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Project Engineer will lead the execution of TMF lift 5 capital project, with responsibility for engineering planning, procurement, and delivery.
- This role requires a strong focus on knowledge transfer and mentoring, supporting the development of Engineers, Supervisors, Crew Leaders, and Project Crew to ensure effective execution.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Prepare, schedule, coordinate, and monitor assigned capital project engineering activities
- Ensure compliance with relevant codes, standards, QA/QC policies, and performance specifications
- Engage daily with clients and project owners to interpret requirements and represent their interests on-site
- Oversee quality control across budget, schedule, plans, and team performance; provide regular status updates
- Assign tasks and actively mentor project team members to build technical and leadership capability
- Collaborate effectively with Supervisors and other stakeholders to deliver technical support and resolve issues
- Review engineering deliverables and initiate timely corrective actions to maintain project integrity.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Executing
- Closure

**Unique requirements/other information**

- Attention to detail and ability to enforce engineering standards as required by specifications.
- Excellent understanding of quality management systems on complete project life cycle.
- The TMF Project Engineer shall have good experience in dealing with diverse work groups which is common on international projects.
- The candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Technical degree registered Engineer of Civil/Mining<br>○ Certification from an internationally recognized engineering body | ○ Minimum 10 years of continuous experience in a similar role within mining, engineering, or construction<br>○ 10–15 years of project experience in industrial or mining environments<br>○ Proven track record of leading and managing project planners, cost controllers, and estimators/QS over 10–15 years<br>○ Strong familiarity with Tailings Management Facility (TMF) construction and interface<br>○ Advanced understanding of project engineering and project lifecycle management<br>○ Demonstrated ability to formalize engineering procedures, templates, and project structures<br>○ Extensive experience in Capital Expenditure (CAPEX) preparation<br>○ Proficient in project cost control systems, scheduling, and planning software including Primavera and Microsoft Project; skilled in risk analysis<br>○ High-level expertise in Microsoft Office Suite, particularly MS Excel |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| ○ Proven working experience as a Project Engineer<br>○ Advanced MS Office skills include MS Projects<br>○ Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards<br>○ Ability to work with multiple discipline projects<br>○ Project management and supervision skills | ○ Live and breathe Bisha Core Values<br>○ Interpersonal skills<br>○ Ability to work under pressure<br>○ Results oriented<br>○ Good interdepartmental communication<br>○ Ability to work in multi-disciplinary environment<br>○ A commitment to safe work practices<br>○ Self-motivation and organisation and planning skills<br>○ Strong communication skills, written and oral<br>○ A willingness to transfer knowledge to a national workforce.<br>○ Ability to mentor the workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**



## ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓይን ዛ

መቐጸልታ ናይቲ ክምህሮ ዝጸንሐ ቋንቋታት ዓረብን እንግሊዝን ሕጂ'ውን ንሓጋይ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ክምህር ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምዝገባ ክምዝጀመረ ብሓጎስ የበስር ። እንምህሮ ትምህርቲ በብደረጅኡ ን

- ጀመርቲ (Beginners)
- ማእከላይ (intermediate)
- ላዕለዋይ(Advanced)

ኮይኑ ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝጥዕም ጊዜ ። ተወሳኺ ብነጻ ናይ Business English introductory Class ኣዳሊናልኩም ኣለና።

- ንዝያዳሓበሬታ፡- ሞባይል፡-07167768, 07347223, 07183179 ኣድራሻና :- ሜዳ ኤርትራ ፊት ሓወልቲ ፓስትቸርያ ጎኒ ኤሪተል ኢዩ ። ቁ/ገዛ 66/68

ብድሓን ምጹ!!!

ዳህላክ ነጋሲ

# “ሕሳብ - ንኹለንትናዊ ምዕባለ ደራኺ'ዩ” መም/ ተኽለኣብ ሙሳኤል

ዕውት መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብዘሰላስል ንጥፈታት ጥራይ ተግባራዊ ክኸውን ኣይክእልን። ምእንቲ'ዚ፡ መማህራንን ተመሃሮን ንምንቕቓሕ ከምኡ'ውን ፍልጠቶም ኩነ ክእለቶም ንምብራኽ፡ መሰሳ ዝኾኑ ግብራዊ መደባትን ውዳቤታትን ምስራዕ ኣገዳሲ ይገብሮ። ብደረጃ ሚኒስትሪ፡ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ኣብያተ-ትምህርትን ኣብ ነንበይኑ እዋናት ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ንጥፈታት ይሰላሰሉ እዮም። እዞም ንጥፈታት፡ ተመሃሮ ብኹሉ ዓይነታት ትምህርቲ ክሕይሉ ዝዓለሙ ኰይኖም፡ ኣብ ርእሲኡ ንባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ከምኡ ድማ ንዕማማት ምህዞን ሰንዳን የጠምሩ።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ሓደ ካብ'ዞም ውዳቤታት “መዓልቲ ቍጽሪ” እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ካብ ኮሌጅ ስነ-ትምህርትን ስነ-ቋንቋታትን ዓዲ-ቀይሕ መምህር ተኽለኣብ ሙሳኤል ኣብ ዘዳለዎ ጽሑፍ ተመርኲስና ነዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ነቕርበልኩም። መምህር ተኽለኣብ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር ሕሳብ ኮይኑ ብምዕያይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከኣ ኣብ ኮሌጅ ስነ-መምህርና፡ መምህር ናይ ስነ-መምህርና ትምህርቲ ሕሳብ ኮይኑ ዘገልገለ እዩ። ብዘይካ'ዚ ‘ደቀይ ተማሃሩ'ን ‘ሰረት ትምህርቲ ቍጽሪ'ን ዝብሉ 2 መጻሕፍቲ ዘፍረየ እዩ።

ኣብ ሚያዝያ 2024 ዝተሓትመት መጽሓፍ ‘ሰረት ትምህርቲ ቍጽሪ፡ “መዓልቲ ትምህርቲ ቍጽሪ” ኣብ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ሰፊሕ ትንታነ ኣቕሪባ ኣላ። ተመክሮን ድሕረ-ባይታን ናይቲ ጽሑፍ ካብ ዝተፈላለዩ መምርሒታት ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቀይሕ፡ ኮሌጅ ስነ-ትምህርቲ (ማይ ኑፍሒ)፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ንፍሒ፡ ድሒሩ ድማ ኣብ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ፡ ብሕጹያት መማህራን ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ሕሳብ ዝተረኽበ እዩ።

ማዕረ-ማዕረ'ዚ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ወርሒ ኣብ ዕለት 20፡ ኣብ ሕሳብን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያትን ሓደ ፍሉይ ተበግሶ ተወሲዱ ነይሩ። ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ዘተኲረ ዘተ ከም ዝወደበ ኣብ እዋን ተገሊጹ ነይሩ። እቲ ዓውደ-ዘተ ብምዕቡላት ዜና ሃገርና'ውን ሰፊሕ ሽፋን ተዋሂብዎ ነይሩ። ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ንዘርእዩ ድኻሞት ብምልላይ መፍትሒ ምንዳይ እዩ።

ኣብ ሃገርና ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ሕሳብ ንምዕባይ ወይ ክብ ንምባል ኣብ ዝውሰዱ ተበግሶታት ኩሉን ዞባታት ኣፍተን ተመክሮ ኣለወን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ ኤርትራውያን ናይ ሕሳብ መማህራን ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ናብ ውሽጢ ሃገር ብምምጻእ፡ መማህራን ናይ ዓይነት-ትምህርቲ ሕሳብ ብምሕያል፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ትምህርቲ ሕሳብ ለውጢ ንምምጻእ ብኡ ኣቢልካ ድማ፡ ተመሃሮ ኣብ ሕሳብ ዕውታት ንክኾኑ ዝገበሩ ዘለዉ ጻዕሪ ዝምስገን እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት ብዝተፈላለዩ ኮርሳት ዝጀመረ ተበግሶታት ኣብ ባይታ ካልእ ድርኺታት ክፈጥር ከም ዝጀመረ ይፍለጥ። ናይ'ዚ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት ድማ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ተደኲና ትርከብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሰምበል፡ ብ9 ሕዳር 2024 “ሕሳብ መሰረት ኩሉ ዓውዲ” ብዝብል ቴማ ዝወደበቶ መዓልቲ ሕሳብ እዩ። እታ ቤት ትምህርቲ ዝወሰደቶ ተበግሶ ኣብ ዝቕጽሉ ኣዋርሕ ናብ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ ልሒሙ፡ መዓልቲ ሕሳብ ብሰፊሑ ክወዓወዓሉ ተራእዩ። ከም ኣካል ናይ'ዚ፡ ንተመሃሮ፡ መማህራን፡ ወለድን ዝምልከቶም ኣካላትን ድማ ሓያል ንሕንሕ ተኻይዱ።

**ብመሰረት መግለጺ ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሰምበል፡ እታ ቤት-ትምህርቲ መዓልቲ ሕሳብ ኘኽትውድብ ዝደረኻ ቀንዲ ረቛሒታት፦**

- ኣብታ ቤት-ትምህርቲ ዝተኻየደ ንጥፈታት ወጽኢት ተመሃሮ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ዝደህሰሰ ናይ ትግባረ መጽናዕቲ (Action Research)
- ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝወደቦ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ፤
- ኣብ መጽሓፍ ‘ሰረት ትምህርቲ ሕሳብ' ሰፊሩ ዘርከብ ተመክሮ መዓልቲ ሕሳብ . . . ምዃኖም ይጠቕሱ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ተመሃሮ ኣብ ሕሳብ ዕውታት ንክኾኑ ብዙሓት ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት ኣለዉ። ከንዲ ዝኾነ መዓልቲ ሕሳብ ሓደ ካብ'ቶም ብሃገር ደረጃ ክትግበሩ ወይ ክተኣታተዉ ዘለዎም ወሰንቲ ረቛሒታት እዩ። እቲ ምንታይ፡ ኣብቲ መዓልቲ ዝውደቡ ንጥፈታት ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብቲ ዓይነት-ትምህርቲ ክብ ንኽብል ስለ ዝድርኽ። ኣብ'ዚ ክንዝከሮ ዘይብልና መዓልቲ ሕሳብ ብምውዳብ ጥራይ ንብዪት ከም መፍትሒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። የጉዳይ ዝተፈላለዩ ተበግሶታት ተደማሚሮም ሓደ ኣድማዒ ወጽኢት ከም ዝህቡ ክስተውዓል ይግባእ።

ኣብያተ-ትምህርትን ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ትምህርታዊ መስርሕን ተበግሶታትን ዘሰላስልአ ንጥፈታት ክንጠቕስ ጽኒሕና። ማዕረ-ማዕረኡ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብደረጃ ሃገር፡ ዞባታት ድማ በበወገነን ዝተፈላለዩ ተበግሶታትን ንጥፈታትን ከም ዘዐምማ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከም ኣብነት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ተመሃሮን ናይ ሕሳብ መማህራንን ንምሕያል ክካየዱ ዝጸንሑ ስልጠናታት በቲ ሓደ ወገን፡ ብኻልእ ድማ ኣብያተ-ትምህርቲ ክካየዳ ንዝጸንሓ ንጥፈታት ንምድራዕ፡ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሚያዝያ ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት “ምኹስኳስ ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ሕሳብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኤክስፖ ዓውደ-ትርኢት ኣብ ሕሳብ ከም ዝተወደበ ይፍለጥ።

እቲ ዓውደ-ትርኢት ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ ኮይኑ፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተመሃሮ ከም ዝተሳተፍዎን ዝተዓዘብዎን ከምኡ'ውን ድማ፡ ኣዝዩ ልዑል ጽልዋ ዘሕደረን ኣነቓቓሒን ከም ዝነበረን ክንዕዘብ ክኢልና። ብዘይካ እዚ'ም ነቲ ዓውደ-ትርኢት ንምዕዛብ ዝመጹ ተመሃሮን ካልኦት ግዱሳትን ብተወሳኺ፡ ዝምልከቶም ወሰንቲ ኣካላት ብኣካል ተረኺቦም ከም ዝተመልከትዎ ይፍለጥ። ነቲ መደብ ንምውዳብ ልዕሊ 4 ኣዋርሕ ከም ዝወሰደ፡ ኣበርክቶ ብዙሓት ኣብ ኣስመራ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ልዑል ከም ዝነበረ ይግለጽ። እቲ ዓውደ-ትርኢት ብስፍሓቱን ትሕዝቶኡን ኣዝዩ ዝነኣድ ነበረ።

ዝኣድ ነይሩ። እቲ ውዳብ ኣብ ምሕያልን ምትብባዕን መማህራን ሕሳብ እወታዊ ተራ ከም ዝጻወተ ብሩህ እዩ። መማህራን ካብቲ ተመክሮ ተበጊሶም ቅዱስ ቅንኢ ከም ዝሓደሮምን ብኣብያተ-ትምህርቲ ተመሳሳሊ ውዳቤታት ተገይሩ ንኽሰላሰል ኣፍ-ደገ ዝኸፍተን እዩ። ተመሃሮ'ውን ብወገኖም ከም ኣቕረብቲ ቀንዲ ተዋሳእቲ ኰይኖም ክሳተፉ ይኽእሉ። በዚ ዝህልዎም ተሳታፍነት ድማ ከምቲ እቲ ቴማ ዝሕብሮ ኣብ ሕሳብ ዘለዎም ሸውሃት፡ ዝንባለን ተገዳስነትን ከበራብሮ ይኽእል። እቲ መደብ ኣብ መማህራንን ተመሃሮን ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ሕብረተ-ሰብ'ውን ጸላዊ ተራ ከም ዘለዎ ክንዕዘብ ኽእል።

ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ዘተኩረ ውዳቤታት ብደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ ንኡስ ዞባን ዞባን ብምጥኑ ክንደህሰስ ጸኒሕና። እሺ፡ ካብ ሃገርና ወጻኢ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ዘተኩሩ ውዳቤታትን ንጥፈታትን እንታይ ይመስሉ ብምባል ክንፈታትሽ ንፈትን። መዓልቲ ሕሳብ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከም ዝውደብን ዝዝከርን ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣብ ሩሲያ፡ ቻይና፡ ጀርመን፡ ኢራን፡ እንግሊዝ፡ ኢጣልያ፡ ኣውስትራልያን ካልኦት ሃገራትን ብተመሳሳሊ ውዳቤታት ከም ዝዝከር ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ይሕብሩ። ኣብ ትምህርቲ ስነ-ፍልጠትን ባህልን ዝጠንፍ ኣካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNESCO) ንመዓልቲ ሕሳብ ካብ 2020 ጀሚሩ ዓመት-መጸ ኣብ 14 ሚያዝያ ይዝከራ። እቲ ዕለት ምስቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ‘ፓይ ደይ' ተባሂሉ ዝኽበር ዝነበረ ንምትሕሓዝ ዝዓለመ እዩ። እቲ ብUNESCO ዝዝከር ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕሳብ ብብዓመቱ ዝተፈላለዩ ቴማታት ብምውጻእ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ይውደብ። ከም ኣብነት፦ - ሕሳብ ኣብ ኩሉ ኣሎ፡

- ሕሳብ ንዝበለጸት ዓለም፡
- ሕሳብ፡ ስነ ጥበብ ከምኡ እውን ፈጠራ፡ ዝብሉ ቴማታት ይርከብዎም።

ብደረጃ ዓለም ጎሊሑ ዝርአ ሃገራዊ መዓልቲ ሕሳብ ህንዲ እዩ። እቲ መዓልቲ 22 ታሕሳስ ዝኽበር ኮይኑ፡ መሰረቲኡ ኣብ 2012 ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ዝነበረ ዶ/ር ማንሞሃን ሲንግ እዩ። እታ ዕለት ሃገራዊ መዓልቲ ሕሳብ ህንዲ ንኽትከውን ኣዋጅ። እታ ዕለት ዝተመርጸትሉ ምኽንያት ድማ፡ ስሪኒቫሳ ራማኑጃን ዝተባህለ ወሬይ ህንዳዊ ናይ ሕሳብ ሊቕ ንምዝካር ኮይኑ፡ ኣብታ ዕለት ዓይነት-ትምህርቲ ሕሳብ ኣብ ምዕባለ ሃገር ደራኺ ተራ ከም ዘለዎ ንምንጽብራቕ ዝዓለመ እዩ።

በዚ ናይ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን እንምልከቶ ዝጸናሕና ተመክሮታት፡ መዓልቲ ሕሳብ ኣገዳሲኡ ዕዙዝ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል። ናይ ሕሳብ መማህራን ብሉጽ ውዳብ ብምስራዕ ብቐዓትና ከመሓየሹ ንጽዕር። ከም መቐጸልታኡ፡ ኣብ ሃገራዊ ትምህርታዊ ዕማም እጃምና ነርክብ። ብዘይካ'ዚ፡ መማህራን ብሉጽ ስራሕ ምቕራብ፡ መዛኑት ዘለዎ ስራሕን ተመሃሮና ዘሰተፈ መደባትን ክሳሰዕ ትጸቢት ይግበረልና። ነዚ ንምውዳብ ዓቕምና ከዕበን ከሐይልን ከም ዘለና ምግንዛብ የድሊ። ኣብ ሃገርና ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕሳብ ኣተኩርና ኣዚና ክንሰርሕን ሕሳብ ንኹለንትናዊ ምዕባለ ደራኺ ምዃኑ ኣብ ግምት ከእቱን እዋኑ ዝጠልቦ ጉዳይ ምዃኑ ምዝኻር የድልየና። ስለዚ፡ ከምቲ ብደረጃ ዞባ፡ ንኡስ ዞባ፡ ቤት-ትምህርቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ብደረጃ ሃገር ሃገራዊ መዓልቲ ሕሳብ ዘርጊሐ ረኺቡ ሓያል ውዳብ እንተ ተኻይዱ፡ እቲ መደብ ኣብ ዕብየት ትምህርቲ ሕሳብ ሃገርና ከም ዓቢ ዓወት ክቖጸር ይኽእል። ኣብ ተመሃሮ ዝርአ ትሑት ወጽኢት ኣብ ዓይነት-ትምህርቲ ሕሳብ መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ንቕሓቱ ብምዕባይ ኣበርክቶኡ ክዕዘዝ ይግባእ።



ብቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሰምበል ዝተወደበ መዓልቲ ቍጽሪ







መምህር ተኽለኣብ ሙሳኤል





መዓልቲ ቍጽሪ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## "ፖጋቻ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ እዩ" ዉድስ

ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ክለብ እስራኤል ፕሪመር ቴክ ዝኾነ ሚካኤል ወድስ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ዓውዲ እቲ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ታደይ ፖጋቻ ምዃኑ ገሊጹ።

ፖጋቻ፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ብዘርእዮ ዘሎ ተኣምር ቁመና፡ ናብዚ እዋን መዳርግቲ ኣልቦ ተቐዳዳማይ ምዃኑ ኣየማትእን። ክንጽ'ዚ ከኣ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ ምስ ናይ ቀደም ኮኾብ ተቐዳዳማይ ኢዲ መርክስ ዘጻጽርዎ ወገናት ኣለዉ።

ኣብ 1970ታት ንቕድድም ብሽክለታ ዓለም ዓብሊልዎ ዝነበረ - መርክስ፡ ሓሙሽተ ግዜ ጉዕዞ ፈረንሳ ብምዕዋት፡ ብጠቕላላ ዓወታት ምስቶም ኣርባዕተ ኣብ ቀዳሚት ዝርከቡ ተቐዳደምቲ እዩ። ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት 2024 ማርክ ካቨንዲሽ ብ35 ናይ መድረኽ ዓወታት ዝሰበሮ ከኣ ብ34 ዓወታት ንነዊሕ ዓመታት ብቐዳምነት ተጻዊዑ እዩ። ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ እዚ ኣብዚ እዋን ወዲ 80 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ቤልጅየማዊ ብሓፈሻ ኣስታት 500 ዓወታት ከምዘመዝገበ ይሕበር። በዚ ከኣ "ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ" ተባሂሉ ይግለጽ እዩ።

ናይዚ ምዕቡል እዋን ዓንተር ተቐዳዳማይ ፖጋቻ ከኣ ገና ኣብቲ ወርቃዊ ናይ ጸወታ ግዜኡ እንከሎ፡ ምስ መርክስ ይነጻጸር ኣሎ። ብዓይኒ ሚካኤል ወድስ ግና፡ ብዘይጥርጥር ፖጋቻ እዩ ዝበልጽ።

"መርክስ ህዝቢ ዓለም ኣርባዕተ በልየን ጥራይ እንከሎ፡ ኣርባዕተ ሃገራት ጥራይ'ውን ኣብዚ ዓውዲ ጽቡቕ ዝኾነ እንከለዋ እዩ ተወዳዲሩ። ሕጂ ግና፡ ህዝቢ ዓለም ልዕሊ ሸሞንተ በልየን ኮይኑ፡ ፖጋቻ ከኣ ኣብ ከምዚ እዋን እዩ ንዓቕ ዘሎ፣ ኣዚዩ ዝለዓለ እዩ" ኢሉ - ወዱስ።

ኣብ 2020፡ ወዲ 21 ዓመት እንከሎ ጉዕዞ ፈረንሳ ዝተዓወተሉ ፖጋቻ፡ ኣብዚ ዓመት ብድምር 17 መድረኻት ኣመዝጊቡ።

ወዱስ ፖጋቻ በዚ ዘርእዮ ዘሎ ዕቤቱ ክስልኩዩ ከምዝጽእኽል'ውን ገሊጹ። ንሱ፡ "ትሑት ተወዳዳርነት እንተገጢሙኻ ቅድድም ብሽክለታ ኣዘናዩ ኣይኮነውንን እዩ። በዚ ከኣ ፖጋቻ ክሳብ ናይ መወዳእታ 30ታት ክውዳደር ኣይረኣየንን እዩ - ግን ከኣ ኣይፍለጥን እዩ። ብዝኾነ ኣብ ኣእምሮይ ንሱ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ኢዩ" ክብል ኣደሂቑዎ።




ካብ ምጅማር ክሳብ ምዝዛም ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ። ጉዕዞ ፈረንሳ ንራብዓይ ግዜ ክዕወተሉ እንከሎ፡ ብሓፈሻ ንሻምፕዮን ዓለምን ኤውሮጳን ንናይ ሞንመንት ውድድራት - ሮንደ ቫን ቭላንደርስ፡ ሌጅ ባስቶኝ ሌጅ፡ ኢል ሎምባርዲያን ካልኦትን

ወድስ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዛ ዓመት ምስ ክለቡ ዘለዎ ውዕል ክዛዘም እዩ። እንተኾነ ካብ ኮረሻ ብሽክለታ ክወርድ መደብ ከምዘይብሉ ይዛረብ - እዚ ወዲ 39 ዓመት ካናዳዊ።

## ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ፡ ብዘረባ ያማል ተቖጢዖም

ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ፡ ብዘረባ ኣጥቃዓይ ባርሴሎና ላሚን ያማል ከምዝተቖጥዑ፡ ናይ ስጳኛ ጋዜጣታት ሓቢረን።

እዘን ዓርሞሽሽ ክለባት፡ ሎሚ ምሸት፡ ኣብቲ ብኤል-ክላሲኮ ዝጽዋዕ ናይ ደርቢ ርክበን፡ ወሳኒ ናይ ሊግ ጸወታ ክካየዳ እየን። ሓደ ካብ ጸለውቲ ተጻወትቲ ባርሴሎና ዝኾነ ያማል ድማ፡ ነቲ ወርትግ ዓቢ ቆላሕታ ዝረክብ ጸወታ፡ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ኑዳዲ ክዕደሉ ኣሎ - ንተጻወትቲ ማድሪድ ዝቅፍ ዘረባ ብምፍናዉ።

ሪያል ማድሪድ፡ ካብ ውሳኔታት ደያኑ ከምእትረኽብ ዝገለጸ እዚ ወዲ 18 ዓመት ስጳኛዊ፡ "ሪያል ማድሪድ፡ ባዕላ ሰሪቓ ባዕላ እያ ትጠርዕ" ክብል ነቒፉዋ። "ዓሚ እኳ ኣርባዕተ ሸቶታት ኢና ኣመዝጊብና" ክብል'ውን ኑቲ ኣብ ሜዳ ማድሪድ በርናበው ሸቶ ምምዝጋብ ከቢድ ዲዩ? ዝብል ሕቶ መሊሱዎ።

እዚ ናይ ምስትንዓቕ ዘረባ ከኣ ንኣባላት ሪያል ማድሪድ፡ ኣሕሪቑዎ ምህላዉ ተሓቢሩ። ብቐጻሊ ተኸታተልቲ ዘረባ ያማል ከምዝሰለኾዮም፣ እንተኾነ ዝኾነ ቀም ኣብ ስናም ነኺሶም ሕነ ክፈድዩ ተዳሊዮም ይርከቡ። ተጻወትቲ እዛ ጋንታ፡ ያማል፡ ከም ፕሮፌሽናል ተጻዋታይ መጠን፡ መሰረታዊ ደረጃ ክብሪ ከምዘይሃቦም እዮም ዝኣምኑ። ሓለቓ እዛ ጋንታ ዳኒ ካርባሃል ድማ፡ ድሕሪ ጸወታ ዝኾነ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ወዲ ጋንታኡ ዝኾነ መንእሰይ ተጻዋታይ ረኺቡ ከዘራርቦም ሓሲቦም ምህላዉ ይግለጽ።



ያማል፡ ንፈለማ ግዜ ኣይኮነን ተኸታተልቲ ዘረባ ዝፍኑ ዘሎ። ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣንጻር ሪያል ማድሪድ መመዓራረዩት ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድን ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ናይ ሕጂ ኣባላ ከይላን ምባፐን ዝጥበርዎ ጽምባሎት ሸቶ ብምድጋም ከላግጽ ተራእዩ። ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረት ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ናይ ዋንጫ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ምስ ረትዕዎም ከኣ፡ "ኣብዚ ዓመት ክትስዕሩና ኣይትኽእሉን ኢኹም - ብዓውሪ ኣማስከርና ኢና" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

እዘን ክለባት፡ ዝሓለፈ ወቕቲ፡ ኣርባዕተ ግዜ ክራኸባ እንከለዋ፡ ባርሴሎና እያ ንኹሉ ተዓዊታትሉ። ኣብቲ እዋን ብኮርሎ ኣንቸሎቲ እትዕለም ዝነበረት ማድሪድ፡ ሎሚ ብመራሕነት ጓብ ኣሎንሶ፡ ሕነኣ ክትፈዲን መራሕነታ ክተማፍሕን ትጸበት ደገፍታ እያ። እንተውሓደ ንዝቖጠዓ ዘረባ ያማል መዕበሲ ክትጉብረሉ'ውን ግዜኡ እዩ። "ብዛዕባ ዘረባኡ ዝኾነ ርእይቶ የብለይን፣ ሜዳ ባዕሉ ክዛረብ እዩ።" ክብል ድማ ብናይ ክልተ ነጥቢ ፍልልዩ መራሕነት ኣትሒዝዋ ዘሎ ኣሎንሶ ገሊጹ። እንተ ፕረዚደንት ባርሳ ኩዋን ላፖርታ፡ "ንኤል-ክላሲኮ፡ ከም ናይ ዓሚ ክንዕወተሉ ኢና" ክብል ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ተዛሪቡ ኣሎ።

## ነገረ ሮናልዶ

ከዕሶ እግሪ ካብ ዝረኣየም ዝበለጹ ተጻወትቲ ኣብ ቀዳሚት ዝሰርዕ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ምስጢር ነዊሕ ዕምሪ ናይ ጸወታ ግዜኡ እንታይ ምዃኑ ገሊጹ።




ዝመጽእ ዓመት ወርሒ ለካቲት 41 ዓመት ዝመልእ - ሮናልዶ፡ ዛጊት ኣብዚ ናይ ሽምግልና ዕድመ ከዕሶ እግሪ ዝኾነ ምልክት ድኻም ከየርኣየ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ነዛ ናይ ትማሊ ጸወታ ከይሓወሰና ንጋንታኡ ኣል-ናስር ኣብ 118 ግጥሚት 105 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ ዘሎ እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ 1000 ሸቶታት ንምብጻሕ እዩ ሃቒኑ ዘሎ። ዝቀድሚ ሕጂ ዝኾነ ተጻዋታይ ኣብ ወግዓዊ ግጥሚት ዘይበጽሖ ብዙሒ ሸቶታት ክበጽሕ ከኣ 51 ሸቶታት ጥራይ ይተርፎ።

ን23 ዓመታት ኣብ ስሩዕ ናይ ዓበይቲ ከዕሶ እግሪ ሞያኡ ዝርከብ እዚ ኮኾብ ተጻዋታይ፡ ምስጢር እዚ ዕወትን ነዊሕ ዕምርን ናይ ጸወታ ግዜኡ 'ዕረፍቲ' ምዃኑ እዩ ዝገለጸ።

"ድቃስ እቲ ዝዓበየ መሳርሕየይ እዩ። ቀጻልነት ዘለዎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ይድቅስን ይትንስእን። ምናልባት ንነዊሕ ዕምሪን ጥዕናን እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ክኸውን ይኽእል እዩ" ክብል፡ ልዕሊ መግቢን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝሰርሓሉ ጃምናዝዮምን ከምዘሰርዖ ሓቢሩ።

## ሳንደርላንድ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ንቸልሲ ቀጺዓታ

### ጋሪናቾ፡ ቀዳመይቲ ሸቶኡ ኣመዝጊቡ

ኣብዚ ወቕቲ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ናብ ፕሪመር ዝሰገረት ሳንደርላንድ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ፡ ንቸልሲ 2ብ1 ሰዒራታ።

ኣብዚ ወቕቲ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ - ኣሊሃንድሮ ጋርናቾ፡ ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ብዘመዝገቦ ሸቶ፡ ጋንታኡ ብኣጋኡ መሪሓ ነይራ። ክትዕወት'ውን ትመስል ነይራ። ጋርናቾ፡ ቀዳመይቲ ሸቶኡ እዩ ንማልያ ቸልሲ ጸምቢሉ።

እንተኾነ ሳንደርላንድ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ካብ ኣሰዶር ብዘመዝገበታ ሸቶ ተመዓራርያ። ንቸልሲ ከቢድ ዕዮ ገዛ ደጺቢያ ምህላዊ'ውን ኣብሪሃትላ።

ንዕረፍቲ 1ብ1 ድሕሪ ምውጻእ'ውን ክሳብ ተወሳኺ ደቒቕ ተወሳኺ ሸቶ ብዘይምንባሩ ማዕረ ዝውድኣ መሲለን ነይረን።

እንተኾነ ብሉጽ ብቓዓት ተርኢ ዘላ ሳንደርላንድ፡ ጸወታ ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ ኣብ መበል 93 ደቒቕ ብመገዲ ታልቢ ሸቶ ኣመዝጊባ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ1 ተዓዊታ። ነጥባ ናብ 17 ክብ ኣቢላ ከኣ ናብ ካልኣይ ደረጃ ሓኺራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኒውካስል፡ ንፉልሃም ዓዲማ ካብ መርፌን ጉማርሽን ብዝረኸበተን ሸቶታት 2ብ1 ተዓዊታ። ፉልሃም፡ ኣመዓራረይታ ዝነበረት ሸቶ፡ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ብመገዲ ሉካች እያ ኣመዝጊባታ።

ብተወሳኺ፡ ኣከፋፋሊ ፉልሃም - ኢዎቢ፡ ቀዳማይ ናይጀሪያዊ 300 ግጥሚት ፕሪመር ሊግ ዝተጻወተ'ውን ኮይኑ - ኣብቲ ዕለት።



## ሽዝኒ፡ ብዛዕባ ምባፐ . . .

"ከይላን ምባፐ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ኣብ ዓለም እዩ። ሃዓይ ከኣ ዘህርር ሕልመይ እዩ" ኢሉ - ሓላዊ ልዳት ባርሴሎና ቮይቸክ ሽዝኒ።

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ - ምባፐ፡ ኣንጻር ሽዝኒ ኣብ ዝተራኸበሉ ሓሙሽተ ግጥሚት፡ ሸሞንተ ሸቶታት ኣመዝጊቡሉ እዩ።

ኣብዚ ወቕቲ ኣዝዩ ብሉጽ ብቓዓት ሂቡ እዚ ፈረንሳዊ፡ ኣብ ትሽዓተ ናይ ሊግ ግጥሚት፡ 10 ሸቶታት ብምምዝጋብ ይመርሕ ኣሎ፣ ክልተ ናይ ሸቶ ዕድል'ውን ሃንዲሱ ይርከብ። ሎሚ ጸወታ ከኣ ኑቲ ሰሚደዎ ዘሎ ሓላዊ ማዕጾ ትጸበት ይግበር። ምስ ምምጻእ ጃኦ ጋርሺያ ዘሎ ሽዝኒ ሎሚ ብኣላ መጉዳእቲ ጋርሺያ እዩ።

እዚ ፖላንዳዊ "ዝኾነ ፍርሒ የብለይን፣ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም እዩ። ኣስጋኢ እዩ፡ ንዓይ ክሓልፈኒ'ውን ብልሓት ዝኾነ ተጻዋታይ ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ዝቖረበ ዘሎ ኣይመስለንን" ክብል ንብቕዓት




ማድሪድን ባርሳን ኣብ ዘካይዳኦ ተወሳኺ ሸቶ ከመዝግበሉ ካልኣይ ሓላዊ ልዳት ኮይኑ ናይ ምስላፍ ዕድል ክረኽብ

ግና ኣዘየ ዘኽብሮ። ንሱ ኣብ ክሊ ልዳት ከኣ ወትሩ ከምዘለዎ ንጹር እዩ። ብዘይካ'ኡ ሸሞንተ ሸቶታት ከመዝገበለይ ምባፐ ከምዝድንቖ ገሊጹ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ**

ዎልቨስ - በርንሊይ 5፡00 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ክሪስታል ፓላስ 5፡00 ድ.ቀ

ኣስቶን ቪላ - ማን ሲቲ 5፡00 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ኖቲንግሃም 5፡00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ቶተንሃም 7፡30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ባርሴሎና 6፡15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ሳሱሎ - ሮማ 5፡00 ድ.ቀ

ላዚዮ - ጁቨንቱስ 10፡45 ድ.ቀ

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ሰለማዊ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም
ፋርማሲ ሩታ

**ዕለት**
26/10/2025

**ጎደና**
ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.19 ፊት ፋብሪካ ሚዝን ኣያሱ
ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47
ሰምበል ገዲም (ሰምበል እንዳ ቦንዳ)፡ ጎደና 863-189

**ቁ.ስልኪ.**
07463110
122350
07158556

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services